TIGRINYA

Public education
**Discover a world of opportunities**

ክፍሊ 11ን 12ን

# ምድላው ንፈተናታት

## ምድላው ንፈተናታት

### 1. ኣቐዲምካ ጀምር

ከባቢ ሽዱሽተ ሰሙናት ቅድሚ ፈተናታትካ ድግማ/ደጊምካ ምጽናዕ/ ጀምር። ምሽምዳድን ምሉእ ለይቲ ምስራሕን ኣወግድ - እዚኦም ኣይሰርሑን'ዮም። ኣብ ሓደ ምሽት ኩሉ ነገር ብቃል ክተሓዝ/ ክሽምደድ ኣይከኣልን'ዩ።

### 2. ናይ ግዜ ሰሌዳ ፍጠር

ኣብ'ቲ ናይ ግዜ ሰሌዳኻ ናይ ድግማ ግዜ ምልክት ግበረሉ። ንዓኻ እትበጽሖም ሽቶታት ኣቐምጥን መምስ በጻሕካዮምን ከኣ ካብ'ቲ ዝርዝር ሰርዞም። ክውንነታዊ ክትከውንን ክጭበጡ ዝኽእሉ ሽቶታት ከተቐምጥ ከምዘለካ ኣይትረስዕ።

### 3. ሰፊሕ መዘኻኸሪ ጽሑፋት ኣቐምጥ።

እቶም መዓልታዊ ትወስዶም መዘኻኸሪ ጽሑፋት ዝለዓለ ኣካል ናይ'ቲ ድግማ የቑሙ። ድሕሪ ነብሲ ወከፍ ክፍሊ መዘኻኸሪ ጽሑፍካ ኣንብቦን ኩሉ ንጹርን ምሉእን ምዃኑ ኣረጋግጽ። ብዛዕባ ዝኾነ ነገር ርግጸኛ እንተዘይኮንካ ወይ'ውን ናይ ሓደ መዓልቲ ስራሕ እንድሕሪ ሓሊፍካ፡ ምስ መምህርካ ተዘራረብ፡ ንዓኻ ብሩህ ክገብሩልካ ኸኣ ሕተቶም።

### 4. ግዜኻን ቦታኻን ስርዓዮም።

ኣብ ናይ ምጽናዕ ሰሌዳ ግዜኻ ናይ ምድጋም ግዜ ኣብ ግምት የእትዎ። ኣብ ምጅማር ነብሲ ወከፍ መደብ ትምህርቲ፡ መዘኻኸሪ ጽሑፋት፡ ነጻ መምርሒ ደብተራትን መጽሓፈ ትምህርትን ወሲኽካ ኩሉ ዘድሊየካ ከምዘለካ ኣረጋግጽ።

### 5. ሜላታት ድግማ ተለማመድ

- መዘኻኸሪ ጽሑፋትካ ደጋጊምካ ጸሓፎም። እዚ ተዘክሮታትካ ንምሕዳስ ዓቢ መንገዲ'ዩ። ብናይ ገዛእ ርእስኻ ቃላት ክትጽሕፎም ርግጸኛ ኩን። እዚ ነቲ ኣርእስቲ ከምዝተረዳእካዮ ዘመልክት'ዩ።
- ንገዛእ ርእስኻ ሕቶ ሕተት። ነቶም ሕቶታትካ ልክዕ ከም'ቲ ንሓደ ካልእ ንፈለማ ግዜ ዘረኽብካዩ ሰብ ትገልጸሉ ከምዘለኻ ድምጽኻ ዓው ኣቢልካ መልሶም።
- ንመዘኻኸሪ ዝኾኑኻ ሓጸርቲ ጽሑፋት ዝሓዘ ካርድታት ፍጠር/ ስራሕ። እዚኦም ትርጉማት፡ ሕጋጋትን ቅዋመታትን ንክትመሃር ሓገዝቲ'ዮም። ቤተሰብካ'ውን ንዓኻ እናሓተቱ ክሕግዙኻ ይኽእሉ'ዮም።
- ኣብ ሓደ እዋን ሓደ ቀንዲ ኣርእስቲ ጾሚቕካ ኣዳሉ። እዚ ስራሕ ቀዳሞት መዘኻኸሪ ጽሑፋትካን መጽሓፍትኻን ከይተወከስካ ባዕልኻ ከተጠናቕቕ ክሳብ እትኽእል ቀጻሊ ብተደጋጋሚ ኣካይዶ።
- ናይ ዝሓለፈ ግዜ ፈተናታት ክትምልሶም ፈትን። እዚ ንስኻ ክትህቦም ዝግባኣካ ዓይነት መልስታት ባዕልኻ ክትለማመዶም ይሕግዘካ።
- ምስ መማህራንካ ተዘራረብ። እዚ ብፍላይ ዝኾነ ክትርድኦ ዘይከኣልካ ግድላት ምስ ዝህሉ ኣገዳሲ'ዩ። ንሶም ክሕግዙኻ'ዮም ኣብ'ኡ ዘለው።



Department of Education

education.wa.edu.au.

© Department of Education, Western Australia, 2015